ፅሑፍን ስእሊን ዊልያም ደ ቪንግ

# መሲህ

# ኢየሱስ

ናይ ኩልሻዕ ብሉጽ ታሪኽ




## አገደስቲ ቃላት....



**ሓጢኣት፡** ናብቲ እግዚኣብሄር ዝሓሰበልና ንኸይንበጽሕ ዝገብር ካብ ፍቓድ እግዚኣብሄር ወጻኢ ዝኾነ ንገብሮ ነገር። (ገጽ 4)

**መልኣኽ፣** ብዓይኒ ዘይርአ ልኡኽ እግዚኣብሄር ( ገጽ .5)



**መሲህ፡** “ዝተቐብአ ንጉስ " መሲህ(ናይ እብራይስጥ ቃል እዩ) ብግሪኽ ድማ ክርስቶስ ማለት እዩ(ገጽ 52.55)

**መስቀል፡** ኢየሱስ ብፈቓዱ ዝሞተሉ ናይ ስቓይ መሳሪሒ እዩ። ሕጂ ግና ምልክት ሰዓብቲ ኢየሱስ ኾይኑ ኣሎ(ገጽ 25.50)



**መንግስቲ ኣምላኽ፣** ኣብቲ ሰባት ንእግዚኣብሄር ዝእዘዝዎ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብኡ ኣላ።

**መንፈስ ቅዱስ፡** ኣብ ውሽጢ ተኸተልቲ ኢየሱስ ዝነብር ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ።(ገጽ 58)




**መጽሓፍ ቅዱስ፣** ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ብዛዕባ እግዚኣብሄር ንሰባት ዘለዎ ተገዳሲነትን ምስኦም ዘለዎ ርክብን ክተንብብ ትኽእል

**ምሕረት፣** እግዚኣብሄር ንዘይግብኦም ምሒሩ። ካብ ልብኻን ተጣዒስኻን መንገድኻ ንምቕያር እንተፈቒድኻን እግዚኣብሄር ምሕረት ይገብር እዩ። ኢየሱስ ቅጽዓትና ኩሉ ስለዝተሸከመልና ምሕረት ክንረክብ ኪኢልና ኢና። (ገጽ 58)



**ሰይጣን፡** ዘይረአ ጸላኢ እግዚኣብሄርን ሰብን (ዲያቢሎስ ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ)



**ቁርባን፡** ብወይኒን እንጀራ ብምቑራስን፣ ሰዓብቲ ኢየሱስ ሞቱን ትንሳኤኡን ዝዝክሩሉ እዩ(ገጽ41)

**በረኸት፡** ፍቓድ እግዚኣብሄር ንዝገብሩ ዝህቦም ሰናይ ነገር እዩ።

**ትንሳኤ፣** ኢየሱስ ኻብ ሞት ተንሲኡ እዩ።ሓደ መዓልቲ ድማ ኹሉ ሰብ ኻብ ሞት ኽትንስእ እዩ። እግዚኣብሄር ድማ ንኹሉ ሰብ ኽፈርድ እዩ(ገጽ 53-57)

**ናይ ዘለኣለም ህይወት፣** እግዚኣብሄር ኽም ዝመደቦ ምስ ኢየሱስ ንዘልኣለም ምንባር ። ንሞት ዝሰዓረ እዩ፣ መወዳእታ የብሉን (ገጽ 23.29-30.59)

**ኢየሱስ፤** ሽም ወዲ እግዚኣብሄር ፣ትርጉሙ ድማ “ኣምላኽ የድሕን“ እዩ።

**እምነት፣** እግዚኣብሔር ዝበሎ ኩሉ ኽምዝገብር ኣርጊጽካ ምፍላጥ እዩ(ገጽ 58)

**ወዲ ኣምላኽ** ፣ናይ ኢየሱስ ስም፤ እግዚኣብሄር ኮይኑ ፣ ሰብ ኮይኑ ናብ ምድሪ ዝምጸ ወዲ ኣምላኽ

**ደቂ መዛሙርቲ፣** ተኸተልቲ ኢየሱስ ማለት እዩ (ገጽ 18)

**ዳግም ምጽአት፣** ኢየሱስ ተመሊሱ ምስመጸ ኹሉ ነገር ሓድሽ ክኸውን እዩ። እግዚኣብሄር ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ክገብር እዩ(ገጽ 57)

**ፀሎት፣** ብሱቕታን ዓው ኢልካን ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብን፤ ንዑዑ ምድማፅን(ገጽ 18.19.42)

**ፋሲጋ፣** ናይ ኢየሱስ ትንሳኤ ኣመልኪቱ ዝኽበር በዓል እዩ። ኣይሁድ በታ ማዓልቲ ፋሲጋ የኽብሩ (ገጽ 38-54)



## ኢየሱስ መሲህ መን'ዩ?


ኢየሱስ ቕድሚ 2000 ዓመት ኣብ እስራኤል ነይሩ።ንሕና " ኢየሱስ መሲሕ" ወይ ድማ "ኢየሱስ ክርስቶስ" ኢልና ንፅውዖ። ትርጉሙ ድማ ንጉስ ማለት እዩ። ግን ድማ ንጉስ ጥራሕ ኣይኾነን። ኢየሱስ "ወዲ እግዚኣብሄር"፣ " ወዲ ሰብ" ተባሂሉ ይፅዋዕ። እዚ ማለት ድማ እግዚኣብሄርን ሰብን እዩ ማለት እዩ። ናይ ኢየሱስ ህይወት ታሪኽ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ዝተጽሓፈ ኮይኑ፣ ኣብ ዘመናት እቲ ዝበለጸ ታሪኽ እዩ።

## ናይ ኢየሱስ ጊዜ፤

ኣቆፃፀራ ዘመንና ኣብ ልደት ኢየሱስ እዩ ዝጅምር ።.ሰባት ብኣእጋሮም፤ ብኣእዱግ፤ ብግመል፤ወይ ድማ ብፈረስ ይጉዓዙ ነይሮም።ኣብ ዝበዝሕ ክፍሊታት ኣውሮፓ፤ማእኸላይ ምብራቕን፣ሰሜን ኣፍሪቓን ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሮማዊያን እዮም ነይሮም። ብዙሕ ሰብ ምፅሐፍን ምንባብን ኣይኽእልን ነይሩ። ኣብ እስራኤል ዝነበሩ ኣይሁዳዊያን ግን ይኽእሉ ነበሩ።'ናይቲ መጽሓፍ ሰባት' ተባሂሎም ድማ ይፅውዑ ነበሩ።

እግዚኣብሄር ብመፅሐፍ ቅዱስ ይዛረበና። ንሱ ናይ'ቲ ዘሎ ነገር ኩሉ ፈጣሪ እዩ። ምስ ሰብ ኩሉ ድማ ምሕዝነት ይደሊ እዩ።ኢየሱስ ነዚ ብግልፂ ኣርእዩና እዩ።






# እስራኤል ብዘመን ኢየሱስ

**ዋና ከተማ፤** የሩሳሌም

**ወረዳታት፤** ገሊላ፣ሰማርያ፣ይሁዳ

**መጠኑ፤** ብግምት 28000 ኪ.ሜ2 (10810 sq.ማይል)


**ኩነታት ኣየር፤** ወይና ደጉዓ

**ፖለቲካ፤** ቕድሚ ልደት ኢየሱስ 63 ዓዓ ጀሚሩ እስራኤላዊያን ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሮማዊያን እዮም ነይሮም

**መንግስቲ፤** ሮማዊ ጴንጤናዊ ጲላጦስ ንእስራኤል የማሓድር ነይሩ፤ ጤባርዮስ ድማ ኣብ ልዕሌኡ ዝገዝእ ናይ ሮም ንጉስ እዩ ነይሩ።


**ሃይማኖት፤** ኣይሁዳዊነት፡- ኣይሁዳውያን ኣብ እስራኤል ቤተ መቕደስ ዘለዎም እዮም።እቶም ካህናት ድማ ኣብቲ ሃይማኖት ዘሎ ዅሉ ስርዓት ይፍጽሙን ይምህሩን (ከም ፈሪሳውያን)ነቲ ህዝቢ ካብ መፅሐፍ ቅዱስ ይእዝዙ።


**ቋንቋ ፤** እብራይስጥ(ናይ ኣይሁድ ቋንቋ እዩ)ግሪክ (ዓለምለኻዊ ቋንቋ) ላቲን (ናይ ሮማዊያን ቋንቋ)





እዚ ኩሉ ሰብ እንታይ ኮይኑ እዩ ኣብዚ ሩባ እዚ ተኣኪቡ ዘሎ?



መንግስቲ ኣምላኽ ቐረባ ኣላ’ሞ ዓርስኹም ኣዳልዉ


ሓድሽ ህይወት ጀምሩ።
እቲ ምሳር ፍርዲ ኣምላኽ ኣብ ሱር እቲ ኦም ተነቢሩ ኣሎ።
እምብአርከስ ዕቡቕ ፍረ ዘየፍሪ ኦም ኩሉ ይቑረፅ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ።
ኩላትና ካብዚ ተቆሪፁ ዝድርበይ ክንከውን ንኽእል ኢና። መን ኣሎ ቅኑዕ ናብራ ምንባር ዝኽእል?
ብርግጽ ኩላትና ካብ ፍርዲ ኣምላኽ ምምላጥ ኣይንኽእልን ኢና። ግናኸ ኩለንትናኹም ዝልውጥ ብድሕረይ ዝመፅእ ኣሎ ።
ብርግፅ ህይወትኩም ንኽልወጥ እንተደሊኹም፡ ሓጢኣትኩም ተናዘዙሞ ኣብቲ ማይ ተጠመቑ።
ሕጂ ሓድሽ ህይወት ንምጅማር ካብ ሓጢኣትኩም ነጺህኹም ኢኹም።


ኩሉ ሰብ ነቲ ኣብቲ ሩባ ዝነበረ ሰባኺ ፡ ዮሃንስ መጥምቕ ኢሉ ይፅውዖ ነበረ።
ኣነ ስለ ርእሰይ ኣይኮንኩን ዝዘረብ። ኣነ ነቲ ድሕረይ ዝመጽእ እየ ዘዳልወኩም ዘለኹ። እግዚኣብሔር መን ምኻኑ ንዘርእየና መንገዲ ከቕንዕ ዝተለኣኽኩ እየ። ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ከጥምቐኩም እዩ፤ ሽዑ ፍፁም ኽትልወጡ ኢኹም።
ካብኡ
ኣ . . . ኣነ ብኣኻ ክጥመቕ እዩ ዝግባኣኒ።
ፍቓድ ኣምላኽ ክንገብር ይግባኣና እዩ እሞ ፣ ሕደግ ድኣ ኣጥምቐኒ።
ኣቦ፤ መንግስትኻ ትምፃእ ፍቓድኻውን ትፈፀም
ብድሕሪኡ ካብ ሰማይ ድምፂ ተሰሚዐ።
እወ፡ ብኣኻ ዝተሓጐስኩ ዝፈትወካ ወደይ ንስኻ ኢኻ።


ዮሃንስ መጥምቕ ንህዝቢ እስራኤል ነቲ ዝመጽእ መሲህ የዳልዎም ነበረ።ኣብቲ ግዜ እቲ ሮማውያን ዝበዝሕ ክፍለዓለም የማሓድርዎ ነይሮም። ሽዑ እስራኤል ንእሽቶ ግዝኣት መንግስቲ ሮማ ኢያ ዝነበረት።
ቅፍርናሆም
ናዝሬት
ቃና
ገሊላ
ዮርዳኖስ
የሩሳሌም
ይሁዳ
እስራኤል
ኣብ እስራኤል ዝነበሩ ኣይሁዳዊያን ዝተጨቖኑን ፍትሒ ዘይረኽቡን እዮም ነይሮም። ስለዚ ድማ እቲ መሲህ ዝመፅሉ ጊዜ ይናፍቑ ነይሮም። ኣብ መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ንሱ ተበጃዊኦምን ካብ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ፍርዲ ዘምፅኣሎም መሲህ ምዃኑ ተጻሒፉ እዩ።
ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዮሃንስ መጥምቕ ብኢዱ እናጠቆመ፣
ርአዩ .. ሓጢኣት ዓለም ኩሉ ዘወግድ በጊዕ እግዚኣብሄር።
ድሕሪ ጥምቀቱ ድማ ብመንፈስ ኣምላኽ እናተመርሐ ናብ በረኻ ኸደ።
ኢየሱስ ኣብ በረኻ ኣርብዓ መዓልቲን ለይትን ፀንሐ። ኣበኡ እናሃለወ ኣይበልዐን። ክገብሮ ዝግበኦ እንታይ ከምዝኾነ ንምፍላጥ ያመን ፀለየን።
ኢየሱስ ፍቓድ እግዚአብሄር ክፍፅም ኣለዎ።እግዚአብሄር ደቂ ሰባት ካብ ፍርዲ፤ ካብ ኹነኔን ሞትን ሓራ ክወጹ እዩ ዝደሊ።
ኢየሱስ ነቲ ዘይረአ ገዛኢ ጸልማት ዝኾነን ንዓለም ብሞትን ብጥፈኣትን ዝገዝእን ሰይጣን ገጠሞ።
እወ ኣቦይ ! ዝኣዘዝካኒ ንምግባር ፍቓደኛ እየ።



እቲ ተቓዋሚኡ ሰይጣን ግና፡ ንየሱስ ካብ ልኡኽቶ ኣምላኽ ንምስንኻል ሓሳብ ከምጸአሉ ፈተነ።
ወዲ ኣምላኽ እንተኾይንኻስ እዚ እምኒ እንጀራ ክኸውን በል በሎ።
ኢየሱስ ግና ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወፅእ ቓል እምበር ብእንጀራ ጥራይ ኣይነብርን ተባሂሉ ተፃሒፉ ኣሎ በሎ።
ወዲ እግዚአብሄር እንተኾይንካ "መላእኽቲ ከይትዕንቀፍ ብኣእዳዎም ከልዕሉኻ እዮም" ተባሂሉ ተፅሒፉ ኣሎ'ም፡ ካብዚ መቕደስ ንታሕቲ ገፅኻ ተወርወር ።
ንእግዚአብሄር ኣምላኽኻ ኣይትፈታተኖ፣ ድማ ተባሂሉ ተፃሒፉ ኣሎ።
ፍግም ኢልካ እንተ ሰጊድኻለይ፣ እዚ ኹሉ ኣብ ምድሪ ዘሎ ስልጣንን ክብርን ክህበካ እየ።
ሽው ኢየሱስ፣ ንእግዚአብሄር ኣምላኽኻ ስገድ ንዕኡ ጥራይ ድማ ኣምልኽ ጽሑፍ ኣሎ እሞ ኪድ ርሓቕ ሰይጣን በሎ
ሰይጣን ድማ ንኢየሱስ በይኑ ገዲፍዎ ኸደ፡ መላእኽቲ ድማ መጺኦም ኣገልግልዎ።
ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ ተሞሊኡ ናብ ዝዓበየላን ብሰሜን እስራኤል ብዙሕ ህዝቢ ናብ ዝነብረላን ኣውራጃ ገሊላ ተመልሰ። ኣብ መንገዱ ሰባት ረኺብዎ። ንሳቶም ድማ እቲ ኣብ መጻሕፍቲ ዝተጸሓፈ መሲሕን (ክርስቶስ) ነብይን'ዶ ይኸውን ኢሎም ይሓስቡ ነበሩ።


ኣብ ቃና ናይ ገሊላ መርዓ ኮነ።
ኢየሱስን ኣዲኡን ከምኡ'ውን ደቀ መዛሙርቱ ኣብቲ መርዓ ነይሮም።


እቲ መርዓ ዳርጋ ፍርቒ ስነ ስርዓት ምስ ተረፎ
እንታይ ጉዱ! ወይኒ ተወዲኡ።
ንሱ ዝብለኩም ግበሩ።
እዞም ዓበይቲ ኣጋንእ ማይ ምልኡዎም ቀዲሕኹም ካኣ ንኣቦ ዳስ ኣጥዕምዎ።
?
ማይ ዶ ኣይመላእናዮን ? እዚ ግና ወይኒ እዩ ። ጥዑም ወይኒ!
ጠዓሞ! እንታይ ደኣ እቲ ብሉጽ ወይኒ ኽሳዕ መወዳእታ ኣጽኒሕካዮ?
ተሰሚዑ ዘይፍለጥ ነገር እዩ። ቅድሚ ሕዚ ከምዚ ዓይነት፣ ማይ ናብ ጡዑም ወይኒ ዝተቐየረሉ መርዓ ከይደ ኣይፈልጥን ። ጥዑም ወይኒ!
እዚ ግብሪ እዚ ናይ ኢየሱስ ባዓል ናዝሬት እዩ።
መን እዩ ንሱ?
7.


ኢየሱስ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ገሊላ ትርኽብ ዓሳ ዝገፉላ ቅፍርናሆም ትብሃል መንደር፣ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ሰብ ብዛዕባ መንግስቲ እግዚአብሄር ብግልጺ ምዝራብ ጀሚሩ።
ኣብዚ ቦታ ናይ መጀመርታ ሰዓብቱ መረጸ።
ጴጥሮስ! ናብ ጥልቒ ባሕሪ ቅርብ በል እሞ መርበብኻ ደርብዮ።
ጎይታይ ሙሉእ ለይቲ ክንጽዕር ሓዲርና ዝሓዝናዮ የብልናን።
ብቓልካ ግና ነዚ መርበብ ንድርብዮ ኣሎና።
እንታይ? እዚ ኩሉ ኣነ ኣይኣምንን!


ያእቆብ!! ዮሃንስ!! ናብዚ ንዑ እዚ ኣብ ዕድመና ምሉእ ዘገርም ዕድል ኢዩ።
ጎይታይ ኣነ ሓጥእ ሰብ እየ እሞ ካባይ ተፈለ።
ኣይትፍራሕ ጴጥሮስ
ንዓ ሰዓበኒ ገፋፊ ሰብ ኽገብረካ እየ።
ሰዓበኒ!


ኢየሱስ ድማ ኣብ ኹለን ናይ ገሊላ ዓዲታት ምስ ደቀ መዛሙርቱ እናተጓዓዘ ንኹሉ ሰብ ብዛዕባ መንግስቲ እግዚኣብሄር ሰበኸ። ዝተፈላለየ ሕማምን ኣጋንንቲ ዝሓደሮምን ፈወሰ። ብዙሓት ሰባት ድማ እናተደነቑ ካብ ዋና ኸተማ የሩሳሌምን ኻልኦት ወረዳታትን ተኸቲሎሞ ዝመጽኡ ነበሩ። ብዝዛረቦ ኹሉ ቓል ከኣ ይግረሙ ነበሩ።
መንግስቲ እግዚኣብሄር ናሃታቶም እያ'ሞ ብመንፈስ ድኻታት ብጹኣን እዮም ።
ዝጠምዩ ብጹአን እዮም ክጸግቡ እዮም እሞ።
ዝበኸዩ ብጹአን እዮም ኽሕጎሱ እዮም እሞ።
ብሰንከይ ሰባት ሕማኽ እንተፈደዩኹም ንስኹም ብጹአን ኢኹም ተሓጎሱ፣ ደስ ድማ ይበልኹም፤ ምክንያቱም ኣብ መንግስተ ሰማያት ሽልማትኹም ዓብይ እዩ።



ሰባት ክገብሩልኩም እትደልይዎ ነገር ንስኻትኩም እውን ኸምኡ ግበሩ።
ንፀላእትኹም ፍተዉ ጸልዩሎም ድማ።
ጽቡቅ ነገር ብምስጢር ግበሩ፣ ትኹረት ሰብ ንምስሓብ ኢልኩም ኣይትግበሩ።
ንሰበይቲ ሪኡ ዝተመነያ ሽዑ ብልቡ ኣብአ ዘመወ።
ዓይኒ ናይ ሰብነትና ብርሃን ኢያ ዓይንኹም ጥዑይ እንተኾይኑ ኹሉ ሰብነትኩም ብርሃን ይኸውን፣ ግናኸ ዓይንኹም እንተ-ተጋሪዱ ኹሉ ነገርኩም ይጽልምት።
ሓደ ሰብ ንኽልተ ጎይቶት ኽግዛእ ኣይኽእልን፣ ወይ ንእግዚኣብሄር ወይ ንገንዘብ!
ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትጨነቑ መጀመርታ ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ሕሰቡ እቲ ኻሊእ ድሕሪኡ ዝመፅእ እዩ።
ንቓለይ እትእዘዙ እንተኾይንኹም ከምቲ ገዝኡ ኣብ ኽውሒ ዝሰረተ ሰብ ትመስሉ፡ እንተድኣ ሰሚዕኹም ዘይትገብርዎ ኾይንኹም ግና፡ ገዝኡ ኣብ ሑጻ ዝሰርሐ ሰብ ትመስሉ።


ሓደ መዓልቲ ኣብ ቅፍርናሆም ኢየሱስ ኣብ ገዛ እናሃለወ ኣብ ውሽጥን ኣብ መረባን ብዙሓት ሰባት ተኣኪቦም ነበሩ።
ናብ ውሽጢ ንምእታው ብፍጹም ኣይንኽእልን ኢና
ናብ ናሕሲ፡ እቲ ዝሓመመ ምስ ዓራቱ ሒዝና ንደይብ።
እንታይ እዩ ኣብ ላዕሊ ዝግበር ዘሎ ?
ግደፍዎም! እቶም መሓዝቱ ዓብይ እምነት ኣለዎም'ዩ!
ሓጢኣትኻ ተሓዲጉልካ'ዩ።
ሰሚዕኩሞዶ? ከመይ'ሉ ከምዚ ይብል?
ንኣምላኽ ይጻረፍ ኣሎ።
ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ናይ ሰብ ሓጢኣት ክሓድግ ዝኽእል።
ኣየናይ ይቐልል፣ ነዚ መፃጉዕ "ሓጢኣትካ ተሓዲጉልኻ" ምባል ወይስ "ተስእ እሞ ተመላለስ"ምባል?
እቲ መሲህ ሓጢያት ክሓድግ ስልጣን ኣለዎ። ኣነ ግና ዓራትኻ ኣልዒልካ ኪድ እብለኻ ኣለኹ።




ኢየሱስ ብዙሕ ሰናይ ግብርታት ይገብር ነበረ ። ብጥበብን ብስልጣንን ድማ ይዛረብ ነበረ።በቲ ዝገበሮ ግን ኹሉ ሰብ ሕጉስ ኣይነበረን ። እቶም መራሕቲ ሕጊ ክኽበር ይደልዩ ነበሩ። ንኢየሱስ ንሕጊ ብፍላይ ድማ ንሰንበት ከም ዘኽብራ ይክታተልዎ ነይሮም። ብሰንበት ኣብ ሃገረ እስራኤል ምንም ዓይነት ስራሕ ምስራሕ ዝተኸልከለ እዩ ነይሩ።















ኢየሱስን ደቂ መዛሙርቱን ኣብ ባሕሪ ገሊላ ብጀልባ ተሳፊሮም እናሃለዉ . . . .
ጎይታ! ርድኣና!! ንሰምጥ ኣለና
ንምንታይ ትፈርሑ? እምነትኹም ዳኣ ኣበይ ኣላ?



ጸጥ በል! ህዳእ ድማ!
ንጀልባኦም ኣብ ወሰን ባሕሪ ኣሰርዋ። ካብቲ ጎቦ ኣውያት ተሰምዐ።
ኡኡይኡኡ ይኡኡይ


ኣብ ጥቓ እቲ ጎቦ ጋኔን ዝሓደሮ ሰብ ይነብር ነበረ።
ንሱ! ኣሕ ኣሕ!
ይመፅእ ኣሎ !
መጺእኻኒዶ ኢየሱስ?
ወዲ ልዑል ኣምላኽ ምሳኻ እንታይ ኣሎና?
ኣንታ ጋኔን ልቐቖ!!
መን'ዩ ሽምኻ?
ብጣዕሚ ብዙሓት ኢናሞ ሌጌዎን
ናብዞም ሓሳማታት ስደደና?
ኺዱ!!


?
ሕጂ ፈጺመ ድሒነ ኣለኹ።
ኺድ!!
ግደፈና!!
ምሳኻዶ ክመፅእ?
ኣይ፤ ኣብዚ ፅናሕ። ኣምላኽኻ እንታይ ከምዝገበረልኻ ንኹሉ ሰብ ተዛረብ።



ይብለኩም አለኹ ወዲ ሰብ ብባዕሉ ምንም ክገብር ኣይኽእልን። ኣቡኡ ክገብሮ ዝርአዮን ዝላኣኾን ጥራሕ እዩ ዝገብር። ናይቲ ዝልኣኸኒ ኣቦይ ፍቓድ እምበር ናይ ባዕለይ ፍቓድ ኽገብር ኣይመጻኹን ።
ኢየሱስ ኩልሻዕ ንምጽላይ ፀጥ ናብ ዝበለ ቦታ ይኸይድ ነበረ።
ድሕሪ ናይ ለይቲ ፀሎቱ ኢየሱስ ዓሰርተ ክልተ ደቀ መዛሙርቱ መረጸ። ከኽልተ ገይሩ ድማ ሰደዶም። ኣብ ልዕሊ ሕማምን ኣጋንንትን ድማ ስልጣን ሃቦም።
ንሳቶም ድማ እቶም ኣሕዋት፣ ጴጥሮስን እንድርያስን
ያእቆብን ሓዉ ዮሃንስን
ፊልጶስን ናትናኤልን


ቶማስን ማቲዎስን ( ንመንግስቲ ሮማ ተቀባሊ ቐረጽ ዝነበረ)
ታዲዮስን እቲ ኻልኣይ ያዕቆብን
ተቓዋማይ ዝነበረ ስምኦንን ናይ ኣስቘረቱ ይሁዳን
ኺዱ ንዓኹም ዝተቐበለ ንዓይ እዩ ዝቕበል ንዓይ ዝተቐበለ ኸዓ ንዝለኣኸኒ እዩ ዝቕበል።
ኣቶም ዝተለኣኹ ደቂ መዛሙርቲ ካብ ዝተወሃቦም ተልእኾ ብሓጎስ ተመለሱ። ኢየሱስ ምስ ደቂ መዛሙርቱ ናብ ፀጥ ዝበለ ቦታ ክኸይድ ደለየ፣ እንተኾነ ግና እቶም ህዝቢ በይኑ ክገድፍዎ ኣይደለዩን።
እቲ እኽሊ ብዙሕ እዩ፣ እቶም ሰራሕተኛታት ውሑዳት እዮም። ንጎይታ እቲ ኣዝመራ፣ ነቲ እኽሊ ዝእኽቡ ሰራሕተኛታት ንክልእኽ ጸልዩ ።



ኢየሱስ ደጊሙ እናመሃረን እናፈወሰን እንተሎ እቲ ግዜ መሰየ።
ፊሊጶስ! ነዚ ኹሉ ሰብ ብኸመይ እዩ ምግቢ ዝርኸብ? ንምንታይኸ ዝኾነ ነገር ዘይትህቦም?
ክልተ ሚእቲ ዲናር ጥረሕ እዩ ዘሎና። እዚ ንዝኹሉ አይኣክልን!
ሓሙሽተ እንጀራን ክልተ ኣናእሽተይ ዓሳታትን ዝሓዘ ሓደ ቆልዓ ኣሎ። እዚ ጥራሕ እዩ ዘለና።
ንቶም ሰባት በቢሓምሳ ገይሩኹም ጎጅልኩም አቐምጥዎም።
ኢየሱስ እቲ ማኣዲ ሓፍ ኣቢሉ ንአምላኽ አመሰገነ።
ነቲ እንጀራን ዓሳን ቆረሶ ።


በቲ ኢየሱስ ዘብዝሖ ምግቢ ድማ ኣሸሓት ህዝቢ በሊዖም ጸገቡን ኣትረፉን።
ክነንግሶ ኣሎና።
እዚ እቲ ዝመፅእ መሲህ(ክርስቶስ) ክኸውን ኣለዎ።
ረኣዩ! ዓሰርተ ኽልተ መሶብ ተሪፉ ኣሎ።
ሐዚ እቲ ህዝቢ ናብ ገዛኡ ዝኸደሉ እዋን እዩ ። ንስኻትኩም ነቲ ጀልባ ውሰዱሞ ናብቲ ኻሊእ ኣንፈት ተጓዓዙ። ኣነ ንበይነይ ክጽሊ ምእንታን ኣብቲ ጎቦ ክፀንሕ እየ።



ሸው ምሸት
እዋይ !!
ምትሃት እዩ!!
ኣይትፍርሑ።
ኣነ እዩ!
ጎይታ ንስኻ
እንተኾይንካስ
ብልዕሊ ማይ ናባኻ
ክመፅእ ኣዝዝ!
ንዓ!
ጴጥሮስ
ጎይታይ
ኣድሕነኒ!
ንምንታይ
ትጠራጠር
ጴጥሮስ?


ንኢየሱስ ከንግስዎ ዝደልዩ ሰባት ኣለዉ። ነቶም ሮማውያን ገዛእቲ ጸራሪት ከባርረሎም ድማ የትስፈዉ ነበሩ። ንኢየሱስ ዝጻረርዎ ድማ እናበርከቱ ከዱ። ከየቋረፁ ይቓወምዎ ነበሩ።
እቲ ህዝቢውን ንክቓወሞን ንኸባርሮን ይደልዩ ነበሩ።
መምህር መዓዝ ዳኣ መፂእኻ?
እንጀራ ስለ ዝሃብኩኹም ዲኹም ትደልዩኒ ዘለኹም?
ንዘልኣለም ህይወት ንዝኮነኩም ንዘይጠፈእ ምግቢ እምበር ንዝጠፍእ ብልዒ አይትጨነቑ።
እንጀራ ህይወት ኣነ እየ። እዚ ስጋይ እዚ ንዓለም ህይወት ክህልዋ ዝተወሃበ እዩ።
ዋይ! ኸመይ እዩ እዚ ስግኡ ብልዒ ገይሩ ዝህበና?
ኣይጠቅምን!
ንዑ ንኺድ!!
ንኹሉ ሰብ የስሕት ኣሎ።
ንስኻትኩምኸ ክትከዱ ዶ ትደልዩ?
ጎይታይ ናበይ እሞ ክንኸይድ? ንስኻ ናይ ዘልኣለም ህይወት ቃል ኣሎኻ!


ኢየሱስ ተቓውሞ በዝሐ።
ንገሊላ ሓዲጉ ናብ ኻልኦት
ናይ እስራኤል ዓድታት
ምስቶም ዝስዕብዎ ዝነበሩ
ሰብኡትን ኣንስትን ብሓባር
ስርሑ ንምቕጻል ከደ።
ገሊላ
የሩሳሌም
እስራኤል
ካብኡ ናብ
የሩሳሌም ከደ።
ሰባት መን እዩ ይብሉኒ?
ነብዩ እዩ ይብሉኻ ፤
ኣብ ጉዕዞኦም
ንስኻትኩምኸ ?
መን እዩ ትብሉኒ?
ንስኻ እቲ መሲህ ወዲ ህያው እግዚኣብሄር ኢኻ።
ንሓደ ሰብ እንኳ ከይትዛረቡ። እቲ መሲህ ንኽሳቐን ንኽመውትን ናብ የሩሳሌም ክኸይድ እዩ ፡ ግና ብሳልሳይቲ መዓልቲ ኻብ መቓብር ክለዓል እዩ።


ኻብ ኸተማ የሩሳሌም ወፃኢ ሰባት ብዘስካሕኽሕ መንገዲ ይስቀሉ'ሞ ይሞቱ ። እዚ ድማ ናይቶም ጨካናት ሮማዊያን ናይ ሞት ፍርዲ መቕፃዕቲ እዩ።
እቲ ክስዕበኒ ዝደሊ ሰብ ዓርሱ ይኽሓድ፣ መስቀሉ ይጹር እሞ ይስዓበኒ ።
እቲ ንህይወቱ ከድሕና ዝደሊ የጥፈኣ፣ እቲ ንነፍሱ ምእንታይ ዘጥፍኣ ግና የድሕና።
ሓደ ኣምላኽ ጥራሕ ኽምዘሎ ክትፈልጡ ይግባእ
እቲ ቀንዲ ነገር ንእግዚኣብሄር ብሙሉእ ልብኹም ኣፍቅርዎ፤ ንርእስኹም ከምእተፍቅርዋ ድማ ንኻልኦት ኣፍቅሩ።


ኣብ ዓድታት እስራኤል ሕማም ቁርበት ዝሓመሙ ለምፃማት ይነብሩ ነበሩ። ንሳቶም ንበይኖም ይነብሩ ነይሮም። ምስ ጥዑያት ሰባት ዋላሓንቲ ርኽብ ክህልዎም ኣይፍቀድን ነይሩ።
እቶም ሕሙማት ናብ ጥዑያት ክኸዱ እንተለው ምምጽኦም ንምፍላጥ ዓው ኢሎም ፣
ለምፃም !! ለምፃም
ጎይታ የሱስ! ራህረሀልና።




ኺዱ ዓርስኹም ንካህን ኣርእዩ።
ናብ ካህን ኪዱ? ንክምርምሩና ድዩ?
ሽዑ ዲና ንሓዊ ?
?
!
ርኣየኒ! ተፈዊሰ!!
ተፈዊስ ና!!
እወ!!
ሃሌሉያ! ኣምላኽ ሰናይ እዩ! ተመስገን!
ዓሰርተኹም' ዶ ኣይሓወኹምን ኻልኦቶም ናበይ ኸይዶም? ንእግዚኣብሄር ንምምስጋን ኣይመጽኡን?
ተልዓል እምነትኻስ ምሕዋይ ጥራይ ከይኾነስ ኣድሒናትካ ኣላ።



እቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ መራሕቲ ኣይሁድ ንእየሱስ ምእንቲ ክስልልዎ ሰባት ለኣኹ። እዚ ድማ ኢየሱስ ሰናይ ነገር ገይሩ ኢሎም ዘይኮነስ፣ ገለ ጌጋ ክረኽቡሉ እሞ ክኸስዎ ይደልዩ ስለዝነበረ እዩ።
ኢየሱስ ጽቡቕ ስም ምስ ዘይብሎም ኣመንዝራታትን ንሮማውያን ዝሰርሑ ኣከብቲ ቀረጽን ይውዕል ነበረ።
እቲ መሲህ ነቶም ዝጠፍኡ ክደልን ከድሕንን እዩ ዝመጸ።
የሱስ ነቲ ዝሓመመ ኣብታ ሰብ ክሰርሕ ዘይፍቀደላ መዓልቲ ሰንበት ኣሕወዮ።
ሕወ!
ኢየሱስ ንህጻናት ፍሉይ ትኹረት ይህብ ነበረ።
ቆልዑት ናባይ ይምጽኡ መንግስቲ እግዚኣብሄር ነዞም ኸምዚኣቶም ዝበሉ እያሞ።



ኣልኣዛርን ክልተ ኣሕዋቱ ማርታን ማርያምን ናይ የሱስ ዝተፈተዉ ኣዕርኽቱ ስለዝነበሩ፣ ኢየሱስ ናብታ ኣብ ጥቓ ኢየሩሳሌም እትርከብ ቢታንያ እትባሃል ዓዲ ኣልኣዛር ሓሚሙ ተባሂሉ ተጸወዐ። ኢየሱስ ኣብ ቢታንያ ምስ በፅሐ ኣልኣዛር ቕድሚ ኣርባዕተ መዓልቲ ከምዝተቐበረ ሰምዐ።
ጎይታ!!
ጎይታይ ንስኻ ኣብዚ እንተትነብርስ ሓወይ ኣይምሞተን ነይሩ።
ማርታ ሓውኺ ኽትስእ እዩ።
እወ ይፈልጥ፣ ኣብ መወዳእታ ዓለም ብትንሳኤ ሙታን ግዘ ኽትስእ እዩ።
ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ ።እቲ ብኣይ ዝኣመነስ ብሂወት ክነብር እዩ።ብአይዶ ትአምኒ ማርታ?
እወ ጎይታይ ንስኻ እቲ ንዓለም ንምድሓን ዝመጽእ ወዲ እግዚአብሄር ምኳንኻ ይኣምን።
ኣበይ ኢኹም ቐቢርኹምዎ?
ንዓሞ ርኣይ ጎይታይ።


ርኣዩ ብጣዕሚ እዩ ዝፈትዎ።
ግና ቐዲሙ ኣልኣዘር ከይመውት ምግባር ኣይምኻኣለንዶ ነይሩ?
እቲ ኣስከሬን ተገኒዙ ኣብ ውሽጢ ካብ ኸውሒ ዝተሃነጸ መቓብር ተቐሚጡ ኣሎ።
እቲ እምኒ ኣልዕልዎ።
ጎይታይ ኣርባዕተ መዓልቲ ኾይንዎ ስለዘሎ ጨኒዉ እዩ።
ክብሪ ኣምላኽ ክትርኢ ኢኺ።
ኣቦይ ንዚ ዝብለኻ ዘለኹ እዞም ምሳይ ዘለዉ ሰባት ንስኻ ከምዘለኣኻኒ ምእንታን ኸኣምኑ እዩ።
ኣልኣዛር ንዓ ውጻእ!!
መግነዚኡ ፍትሕዎሞ ይኺድ ሕደግዎ።



እቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ መራሕቲ ኣይሁድ ብዛዕባ ኢየሱስን ሰዓብቱን ክጭነቑ ጀመሩ።
እዚ ሰብ እዚ ብጣዕሚ ቡዙሕ ተኣምራት እናገበረ እዩ።
ንዚ ንክቕፅል እንተሓዲግናዮ ሮማዊያን ስጉምቲ ኽወስዱ እዮም።
ቤተ መቕደስናን ህዝናን እዮም ዘጥፍእዎ።
ሕሰብ ፧ ሙሉእ ዓዲ ኻብ ዝጠፍእ ሓደ ሰብ ከክንዲ ህዝቢ እንተሞተ ይሐይሽ።
ነዚ ድማ እዩ ኢየሱስ ክመውት ዘለዎ።
ካብ ሹዑ ጀሚሩ ድማ መራሕቲ ኣይሁድ ንየሱስ ሒዞም ንሮማዊያን ንምሃብ ኣጋጣሚ ይደልዩ ነበሩ። ምክንያቱ እቶም ሮማዊያን ጥራሕ እዮም ሞት ፍርዲ ምውሳን ዝክእሉ ዝነበሩ። ንሱ ድማ ናብ የሩሳሌም ይጉዓዝ ነበረ።


ኢየሱስ ኣብ ውሽጢ ቢታንያ ኣብ ድግስ ነበረ ።
ማርያም
እንታይ ዝብልዎ ብኽነት እዩ? እቲ ሽቱ ዋጋኡ ኽቡር እዩ ።
እቲ ሽቱ ሼይጥና እቲ ቕርሺ ንድኻታት ምሃብናዮም ምሓሸ ነይሩ።
ንዓዓ ሕደጉዋ ይሁዳ! ኣኻላተይ ንመቓብር እናዳለወቶ እያ ዘላ።



ኣብ ቐረባ እዋን ብዓል ፋሲጋ ኽድገስ እዩ። ብዙሕ ህዝቢ ድማ ናብ የሩሳሌም ይጉዓዝ ኣሎ። ኣብቲ ቤተመቕደስ ድማ ንኣምላኽ መስዋእቲ ከቕርብ እዩ።


ኣብ የሩሳሌም ድማ መራሕቲ ሃይማኖት ንኢየሱስ ንምሓዝ ትልሚ የውጽኡ ነበሩ፡ ኮይኑ ግና የሱስ ናብ ከተማ ኣተወ።



እቲ ህዝቢ ብሓጎስን ብዓብይ ድምጺን ተቐበሎ።
ሆ ሆ ሆ ሆ
ሆሳዕና!
ብስም እግዚአብሄር ዝመጸእ ብሩኽ እዩ።
ናይ እስራኤል ንጉስ!
ኣቲ የሩሳሌም ሎሚ ንሰላምኪ ዝኾነ መን ምኳኑ ያ ምፈለጥኺ! ግን ድማ ኣይደለኽን።
ነዚ ነገር ደው ከብሎ ኣለዎ።
እንሆ ዓለም ኹሉ ደድሕሪኡ ይሰዕብ ኣሎ።


እቲ ኣብታ ዋና ኸተማ ዘሎ ቤተ መቕደስ፣ ናይ ኣይሁድ ቀንዲ ናይ ኣምልኾ ስፍራ እዩ።
ኣብ በዓል ፋሲካ ኣባጊዕ ተሓሪዶም።
ሰባት ካብ ሓጥያቶም ምንቲ ክነጽሁ እሞ ምስ እግዜኣብሔር ክተዓረቑስ እቶም ኣባጊዕ ኣብ ቤተመቕደስ ንመስዋእቲ ቀረቡ።
ኣየናይ በጊዕ እዩ ግን ንደቒ-ሰባት ካብ ሓጥያትን ኹነኔን ብርግጽ ሓራ ከውጽኦም ዝኽእል?
ኣብቲ ቀጽሪ እቲ ቤተመቕደስ ሰባት ይዕድጉ፣ ይሸጡን ሰልዲ የሸርፉን ኣለው።
ሃንደበት ድማ ኢየሱስ ኣብኡ ተረኽበ።



ቤት እግዚአብሄር ቤት ጸሎት እዩ። ንስኻትኹም ግና በዓቲ ጎሓሉ ገብርኩምዎ።
ብጣእሚ ሓደገኛ ሰብ እዩ! ሰባት ግን ንቓሉ ይሰዕቡ ኣለዉ።
ቀልጢፍና ክነጥፈኦ ኣለና።


ንዕኡ እንሕዘሉ መንገዲ ንፍጠር። ኻብኡ ክነቕትሎ ኢና ።
እዚ ግና ኣብ ጊዜ በዓል አይኹን። ኣብ በዓል ፋሲካ ዕግርግር ኣይንድልን ኢና።
ንኸትሕዞ፣ ስሊኡ ኽንደይ ኢኹም ክትህቡኒ?
እዚ ድማ ሓደ ካብ ደቀ መዛሙርቱ ዝኾነ ይሁዳ እዩ።
ንኢየሱስ ኣሕሊፈ ክህበኩም እየ!
ንኢየሱስ ሰላሳ ቕርሺ ክንህበካ ኢና። እዚ ዋጋ ባርያ እዩ።


ቅድሚ ባዓል ፋሲካ ኣብ ዝነበሩ ማዓልቲታት ኢየሱስ ኣብ ቤተመቕደስ ተረኺቡ ነቶም ህዝቢ ይምህሮም ነበረ። የሩሳሌም ከምትፈርስ ድማ ትንቢት ይነግሮም ነበረ። ኩሎም ገዲፎምዎ ከም ዝኸዱ፣ ንሱ ግና ነቲ ህዝቢ ምፍቃሩ ከምዝቕጽል ነገሮም ። ካብኡ ንዮሃንስን ንጴጥሮስን ንብዓል ፋሲጋ ዝኸውን ምግቢ ከዳልዉ ኣዘዞም።
ምስ መሸየ ድማ ኢየሱስን ዓሰርተ ኽልቲኦም ደቀ መዛሙርቱን ድራር ንምብላዕ ተኣከቡ።
ሎሚ ምሸት ክገብሮ እየ።


ቕድሚ መከራይ ምሳኹም ነዚ በጊዕ ፋሲካ ክበልዕ ይደሊ ነይረ።
ኣብ ስልጣን ዘለው ሰባት ኻልኦት ሰባት ከገልግልዎም ይገብሩ እዮም፣ ኣባኻትኩም ግን ብኣንጻሩ ክኸውን ይግባእ።
ካባኻትኩም እቲ ንኹሉ ዘገልገል መራሒኹም ክኸውን እዩ።
ኣነ ኣብ ማእኸልኩም ከም ኣገልጋሊ እየ ።


ጎይታ ንስኻ ኸም ባሪያ እግረይ ትሓፅበኒ? ፈጺሙ!! ኣይኸውንን!!
ጴጥሮስ እንተደአ ዘይሓፂበካ ንዓይ ክትኸውን ኣይትኽልን።
ጎይታይ ርእሰይን ኣእዳወይን'ውን ሕጸበኒ።
እቲ ዝተሓጽበ ሰብ ኩለንትናኡ ንጹህ እዩ እም እግሩ ጥራይ እዩ ክሕጸብ ዘድልዮ።
ጎይታን መምህርን ኢልኩም ትጽውዑኒ፣ ልኽዕ ድማ ኢኹም። ኣነ እግርኹም ከምዝሓፀብኩኹም ነንሕድሕድኩም ከሙኡ ክተገልግሉ ይግባኣኩም።
ኻብ ማእኸልኹም ሓደ ሰብ ኣሕሊፉ ካህበኒ እዩ።
ብፍፁም!!
ኣነ ኣይኮንኩን ሓቓይ?
ይሁዳ ፤ እቲ ክትገብሮ ትደልዮ ቐልጢፍኻ ግበሮ።



እዚ ንመዝካርታይ ግበርዎ።
እዚ እንጀራ ብልዑ ፣ ስጋይ እዩ።
ካብዚ ጽዋዕ ስተዩ ስለ ሕድገት ሓጥያትኩም ዝፈስስ ደመይ እዩ ። በዚ እግዚኣብሄር ምሳኻትኩም ሓድሽ ኪዳን አትዩ ኣሎ።
ሓዲሽ ትእዛዝ ሂበኩም ኣለኹ። አነ ኸም ዘፍቀርኩኹም ነንሕድሕድኩም ተፋቐሩ።
ኣብ ማእኸልኩም ፍቕሪ እንተሃልዩ ደቀ መዛሙርተይ ከምዝኾንኩም ኹሉ ሰብ በዚ ይፈልጥ።
ጎይታይ ናብ ኹሉ ቦታ ክስዕበካ ኢየ፣ ህይወተይ ንዓኻ ኣሕሊፈ ክህብ ኢየ።
ጴጥሮስ፣ ደርሆ እንተይነቀወ ሰለስተ ጊዜ ክትኽሕደኒ ኢኻ።


ምስመሸየ ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ካብ ከተማ ወጹ። ይሁዳ ግን ምስኣታቶም ኣይነበረን።
ኣነ ገዲፈኹም ክኸይድ እየ፣ ኣቦይ ግን መንፈስ ቅዱስ ክልእኽልኩም እዩ። ንሱ ክሕግዘኩም ኩልሻዕ'ውን ምሳኻትኩም ክኸውን እዩ።
እቲ ዝኸደሉ መንገዲ ትፈልጥዎ ኢኹም።
ኣነ መንገዲን ሓቅን ህይወትን እየ፣ ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ክመፅእ ኣይኽእልን።
ንስኻትኹም ኣብዚ ጽንሑ ኣነ ንእሽተይ ርሕቕ ኢለ ክፅሊ ኢየ።
ኣቦይ ዝከኣል እንተኾይኑስ እዚ ስቓይ ካባይ ይሕለፍ።
ግና ኸም ፍቓድካ ይኹን እምበር ናተይ ፍቓድ ኣይኹን።



ከመይ ኢልኩም ብዚ ሰዓት ትድቅሱ? ተስኡ እቲ ኣሕሊፉ ዝህበኒ'ውን ቀሪቡ ኣሎ።
ነቲ ዝስዕሞ ሓዝዎ።
ሰላም መምህር!
ይሁዳ፣ ነቲ መድሓኒዶ ብምስዓም ኣሕሊፍካ ትህቦ ኣሎኻ?
ጎይታ! ክንወቕዮምዶ?
ሕደጉ!
ኢየሱስ ንክወስድዎ ፈቐደሎም። ሰዓብቱ ድማ ፋሕ ኢሎም ሃደሙ።


ኢየሱስ ናብ ዋና መራሒ እቶም ኣይሁዳዊያን ዝኾነ ሊቀ ካህናት ወሰዱዎ። ጴጥሮስን ዮሃንስን ድማ ብርሕቐት ይስዕብዎም ነበሩ።
ጴጥሮስ ተሓቢኡ ናብቲ መረባ ኣተወ።
ንስኻ ምስኡዶ ኣይነበርካን?
ኣይነበርኩን፣ ፈጺመ ነቲ ሰብኣይ ኣይፈልጦን ኢየ።
ንስኻ ካብኣቶም ሓደ ኢኻ፣ ኣይኾንካን?
ኣይኾንኩን!!
ብጣዕሚ ርግፀኛ እየ! ንስኻ ገሊላዊ ኢኻ። ኣብኡ ኔርካ ኢኻ።
ብዛዕባ እንታይ ትዛረቡ ከምዘለኹም ኣይፈልጥን።


ኩኩሉ•••
ኩኩሉ. . .
ኩኩሉ
ኢየሱስ ግልጽ ኢሉ ንጴጥሮስ ጠመቶ።
እስኪ ተነበየልና! መን'ዩ ዝወቐዐካ?
ኢየሱስ ኣንጊሁ ናብ መጋባእያ መራሕቲ ኣይሁዳውያን ተወሰደ። እቲ ሊቀ ካህናት እውን ሓተቶ።
ንስኻ ወዲ አምላኽ ዲኻ?
ንስኻ እኳ ትብል ኣሎኻ።
እነሆ ይጻረፍ ኣሎ! ሞት ይግብኦ እዩ።እቶም ሮማውያን ይፈትንዎ።


ንኢየሱስ ናብቲ ሮማዊ ኣማሓዳሪ ዝኾነ ጲላጦስ ኣምጽእዎ። እቶም መራሕቲ ኣይሁድ ነቶም ዝርእዩ ዝነበሩ ኣለዓዓልዎም። ብብዙሕ ዓይነት ኽሲታት ድማ ይኸስዎ ነበሩ።
ንዞም ኹሉም ኽሲታት እንታይ ትምልስ? ዋላ ሓንቲ?
እንታይ ኢኻ ገይርኻ?
ንሓቂ ክምስክር እየ መፂአ።
እንታይ እዩ ሓቂ?
ዋላ ሓንቲ ጌጋ ኣይረኸብኩሉን። ብዓል ፋሲካ ስለ ዝኾነ ንመን ክፈትሓልኩም፧ ንበርባንዶ ወይስ ንንጉስ ኣይሁድ?


በርባን!!
በርባን!!
በርባን ይፈታሕ!
ንኢየሱስ እንታይ ኽገብሮ ኢኹም ትደልዩ?
ስቐሎ!!
ንጉስ እየ እዩ ዝብል።
እንተ-ፈቲሕኻዮ ፈታዊ ቄሳር ኣይኾንካን።
ኣብ ክንደኡ ንስኻ ሓራ ወፂእኻ ኢኻ።
ሰብ ብምቕታል ገበነኛ ኮይኑ ተፈሪድዎ ዝነበረ በርባን ኣብ ክንዲ ኢየሱስ ብናፃ ተፈትሐ።
37 38 39
ኣነ ካብ ደሙ ንጹህ እየ።
ግሩም፡ ንጉስ ኣይሁድ!


ረኣይዎ! እቲ ስብኣይ!
ስቕሎ!!
ስቕሎ!!
ስቕሎ!!
ጲላጦስ ነቲ መስካሕኽሒ ናይ ሞት ፍርዲ ፈረደሉ። ኢየሱስ ብመንገዲ የሩሳሌም መስቀል ተሸኪሙ እናተሳቐየ ከደ።
እቲ ናይ ሞት ቅጽዓት ዝፍጸመሉ ቦታ ካብ ቅጽሪ እታ ከተማ ውጽእ ኢልካ ዝርከብ ጎልጎታ ዝብሃል በሪኽ ቦታ እዩ። ትርጉሙ ድማ ስፍራ ሽክና ርእሲ ማለት እዩ።
ኣበኡ እቶም ወታሃደራት ንኢየሱስ ኣብቲ መስቀል ብምስማር ሸንከርዎ።



ድሕሪ ቁሩብ እዋን፡ ይሁዳ ብግብሩ ተጣዓሰ።
ተጋጊየ ኢየ።
ንጹህ ደም እየ አሕሊፈ ሂበ።
ንሕና እሞ እንታይ ኽንገብረካ? ንሱ ናይ ባዕልኻ ጥፍኣት እዩ።
ኢየሱስ ኣብ ማእኸል ኽልተ ሽፋቱ ተሰቕለ።
ኣቦ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ይቕረ በለሎም።



ኣብ ልዕሊ እቲ መስቀል ብሰለስተ ቋንቋ ዝተጸሓፈ ' ኢየሱስ ናይ ኣይሁድ ንጉስ ' ዝብል ጽሑፍ ሰቐልሉ።
IESVS NAZARENVS REX IVDAEORVM
ΙΗΣΟΥΣ Ο ΝΑΖΩΡΑΙΟΣ Ο ΒΑΣΙΛΕΥΣ ΤΩΝ ΙΟΥΔΑΙΩΝ
ምስ ሓሞት ዝተሓወሰ ወይኒ ሃብዎ፡ ኢየሱስ ግና ምስታይ ኣበየ።
እቶም ወተሃደራት ነቲ ኽዳውንቱ ዕጫ ተዋደቑሉ።
እወ! ንኻልኦትዶ ኣየድሓነን?
ወዲ እግዚኣብሄር እንተኾይንካስ ካብቲ መስቀል ውረድ።
ንባዕልኻ ኣድሕንሞ ንዓናውን ኣድሕነና።
ንእግዚኣብሄር ኽብሪ ይሃልውኻ። ንሕናስ ዝግብአና ኢና ዝረኸብና፤ ንሱ ግን ዋላሓንቲ ጌጋ ኣይገበረን።
ብመንግስቲኻ ኽትመጽእ እንተለኻ ዘክረኒ።
ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ከም እትኸውን ብሓቂ እብለካ ኣለኹ።



ከባቢ ሸድሸተ ሰዓት ጀሚሩ ፀሓይ ንሰለስት ሰዓት ጸልመተት።
ማርያም ኣደ ኢየሱስን ዮሃንስ ወደ መዝሙሩን ኣብ ጥቓ እቲ መስቀል ጠጠው ኢሎም ነበሩ።
ሕዚ ኣዶን ወዲን ኢኹም።
ኣምላኸይ! ኣምላኸይ! ንምንታይ ሓዲግካኒ?
ፀሚኡኒ።
ኣቦይ ነፍሰይ ኣብ ኢድኻ የረክባ ኣለኹ ተቐበለኒ።
ተፈጸመ!



የሱስ ድሒሪ ሰዓት ትሽዓንተ ኣቢሉ ሞተ። ሓደ ወታሃደር ድማ ብኹናት ጎድኑ ምስወግኦ ማይን ደምን ፈሰሰ።
ኣብቲ ቅዱስ መፅሓፍ ከምዚ ይብል “ከም በጊዕ ናብ መሕረዲኡ ተኾብኮበ” ።
” ብሰንኪ በደልና ቆሰለ ፣ ብሰንኪ ሓጥያትና መቐጻዕቲ ናብኡ ወረደ”
እቲ ክመጽእ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝነበረ መሲህ ንሱ ድዩ ወይስ ኣይኮነን?
ንዑ ክንቀብሮ ንኽእል እንተኾንና ንሕተቶም ።
ናይ ኣርማትያስ ዮሴፍን ኒቆዲሞስን ንኣስከሬን ኢየሱስ ካብ መስቀል ኣውረድዎ።ብመግነዚ ጨርቂ ጠቕሊሎም ድማ ኣብ ናይ ባዕሎም ካብ ከውሒ ዝተጸርበ መቓብር ኣንበርዎ።


ድሕሪ ቅንያት በዓል ፋሲካ ፣ ዝተወሰና ኣንስቲ ናብቲ መቓብር ከዳ።
እቲ እምኒ ተንከራርዩ ነበረ።
ንምንታይ ደኣ ነቲ ህያው ኣብ መንጎ ምዉታን ትደልያኦ ኣለኽን? ንሱ ተንሲኡ እዩ። ተንሲኡ እዩ ኢልክን ንደቀመዛሙርቱ ንገረኦም።
እዚ ምስ ሰምዑ ጴጥሮስን ዮሃንስን ናብቲ መቓብር እናጎየዩ ከዱ።
እንታይ ተፈጢሩ?
ጥርሑ እዩ።


ኣብ ጥቓ እቲ መቓብር ኣብ ዘሎ ናይ ኣታኽልቲ ስፍራ
ኣንቲ ሰበይቲ ንምንታይ ትበኽዪ ኣለኺ? ንመንከ ትደልዪ ኣለኺ?
ጎይታይ ንስኻ ዲኻ ወሲድኻዮ?
ማርያም
መምህር
ኣይትተንክፍኒ። ንኣሕዋተይ "ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን ይኸይድ ኣለኹ" በሊዮም።


በታ መዓልቲ እቲኣ ኽልተ ዝሓዘኑ ሰዓብቲ ኢየሱስ ብዛዕባ ሞት ኢየሱስ እናዓሃዩ ምስ ሓደ ሓላፊ መንገዲ ይዘራረቡ ነበሩ።
ብነብያት ዶ ኣይትኣምኑን ኢኹም? እቲ መሲህ ናብቲ ቐዳማይ ክብሩ ንከኣቱ ክሳቐ ኣይግበኦንዶ? እዚ ኩሉ እኮ ኣብ መፅሓፍ ተፃሒፉ ኣሎ!!
ኣብ እዋን ድራር እቲ ጋሻ ተሰወረ።
ግና እቲ ጋሻ ኢየሱስ ባዕሉ እዩ ነይሩ።
ነቶም ካልኦት ሰዓብቲ ኢየሱስ ንምርካብ ቀልጢፎም ናብ የሩሳሌም ከዱ።
ንጎይታ ሪኢናዮ!
ማርያም 'ውን! ጴጥሮስ'ውን!
ሃንደበት
ሰላም ንዓኹም ይኹን!
ኣነ ባዕለይ ከም ዝኾንኩዶ ኣይኣመንኩምን? ኣእዳወይን ኣእጋረይን ረኣዩ።
ጎይታይን ኣምላኸይን


ኢየሱስ ንኣርብዓ መዓልቲ ዝኸውን ንደቀመዛሙርቱ፣ ከምኡውን ንኻልኦት 500 ንዝኾኑ ሰባት ብሓንሳእ ተረኣዮም።እቶም ደቀ መዛሙርቱ ናብ ባሕሪ ገሊላ ተመሊሶም ዓሳ እናገፈፉ እናሃለዉ ፣
ዝኾነ ዝብላዕዶ ኣለኩም?
የብልናን፤ ምንም ኣይሓዝናን።
መርበብኩም ናብቲ ካልእ ኣንፈት ደርብይዎ።
ዝገርም! ብዙሕ ሒዝና!!
ጎይታ እኮ እዩ!
ጎይታይ!
ንዑ ምሳይ ብልዑ!


ጴጥሮስ ብሐቂ ትፈትወኒዶ?
ኢየሱስ እዚ ሕቶ ንጴጥሮስ ሰለስተ ጊዜ ሓተቶ።
እወ ጎይታይ፣ ከምዝፈትወካ ትፈልጥ ኢኻ።
ኣባጊዐይ ሓልወን።
ሰዓበኒ!
ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ሙሉእ ስልጣን ተውሂቡኒ ኣሎ። ስለዚ ኪዱ እሞ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናጥመቕኩምዎም ዝኣዘዝኽኹም ኹሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሃርኩምዎም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም።
ኣይትረስዑ ! ኣነ ድማ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኹልሻዕ ምሳኹም እየ።
እዚ ምስ በለ ኢየሱስ ካብ ምድሪ ናብ ሰማይ ዓረገ። ግን ድማ ክፈርድ ተመሊሱ ከም ዝመፅእ ተዛሪቡ ኣሎ።

እቶም ደቀመዛሙርቲ የሱስ እናጸለዩ ኣብ የሩሳሌም ጸንሑ። ድሕሪ ሓምሳ ማዓልቲ ኣብ እዋን በዓል ጴንጤቆስጤ እቲ ምስ ኢየሱስ ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊኦም ወረደ። እቲ ኣብ ኢየሱስ ዝነበረ መንፈስ ኣብ ልዕሌኦም ይነብር ነበረ። ንሱ ብዛዕባ ኢየሱስ ብሓይሊ ዝምስክሩ ሓደሽቲ ሰባት ገበሮም።












ሐዚ ኣብ ዓለም ብዙሓት ሰባት ሓቢሮም ንኽጽልዩን መጽሓፍ ቅዱስ ከጽንዑን ይእከቡ እዮም። ኣብ ጸጋ ኣምላኽ ድማ ይነብሩ።መጎሱ ይካፈሉ።ነንሕድሕዶም ይፋቐሩ ንጽጉማት'ውን ይሕግዙ። ንጸላእቶም እኳ የፍቅሩ። ሓጥያቶም ከም ዝተሓደገሎም ንምዝካርን ንኻልኦት ንምምስካርን ድማ ብሓባር መኣዲ ይቖርሱን መዘከርታ ደሙ ዝኾነ ወይኒ ይሰትዩን። ሓድሽን ሓያልን ዝኾነ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተመልአ ህይወት ድማ ተቐቢሎም ኣለው።


የሱስ ደቂ ሰባት ብሓባር ብሰላም ንኽነብሩ ገበረ።
ብዛዕባ ፍቕሩ ነመስግኖ ነምልኮ'ውን!
ብኡኡ ዝኣምን ኹሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ኽረክብ እምበር ከይጠፍእሲ እግዚኣብሄር ንሓደ ወዱ ቤዛ ገይሩ ኽሳዕ ዝህብ ክንዲዚ ንዓለም ኣፍቀሮ።
WILLEM DE VINK

## መፅሓፍ ቅዱስ፣

ናይ ኢየሱስ ታሪኽ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ተጻሒፉ ይርከብ።ኻብ መፅሓፍ ቅዱስ ንላዕሊ ተደጋጊሙ ዝተነበበ መፅሓፍ የለን። መፅሓፍ ቅዱስ ኣብ ውሽጡ ብዙሕ መጻሕፍቲ ዝሓዘ መፅሓፍ እዩ። ነዞም ኲሎም መጻሕፍቲ ንምፅሓፍ 1500 ዓመት ወሲዱ። መፅሓፍ ቅዱስ ቅድሚ 1900 ዓመት እዩ ዝተጻሓፈ። ኣብ ውሽጡ ድማ እግዚኣብሔር ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ ዘለዎ መስተጋብር ዝገልጹ ታሪኻት ዝሓዘ መጽሓፍ እዩ።ናይ ኢየሱስ ታሪኽ ድማ እግዚኣብሄር መን ምኻኑ ብግልፂ የረድኣና።

## ናይ ኢየሱስ ታሪኽ፣



መፅሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ታሪኽ ኢየሱስ ዝገልፅ ኣርባዕተ መፃሕፍቲ ዝሐዘ እዩ። እቶም መፃሕፍቲ ብዝፀሐፍዎም ሰባት እዮም ዝተሰየሙ።እቶም ፀሓፍቲ ኹሎም ብዘመን ኢየሱስ ዝነበሩ እዮም።

1 **ማቴዎስ** ወደ መዝሙር ኢየሱስ እዩ። ናይ ሮማውያን ኣካቢ ቀረጽ ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ እዩ። ንሱ ብዝተፈለየ መንገዲ ኢየሱስ ምስ ህዝቢ እስራኤል (ኣይሁዳውያን) ዝነብሮ መስተጋብር ይገልጸልና።

2.**ማርቆስ**፤ ኢየሱስ ስርሑ ክሰርሕ እንተሎ መንእሰይ እዩ ነይሩ። ኢየሱስ ካብ ዝገብሮም ተኣምራት ብጣዕሚ ውሑድ እዩ ጽሒፉልና።

3 **ሉቃስ**፡- ናይ ሕክምና ዶክተር እዩ ነይሩ። ንኢየሱስ ቀሪቡ ኣይፈልጦን። ሉቃስ ድማ ኢየሱስ ምስ ደቂ ሰብ ዝነበሮ መስተጋብር ይገልፅ።

4.**ዮሃንስ**፤ ንሱ'ውን ተኸታሊ ኢየሱስ ነይሩ። ብኣውሩኡ ኢየሱስ መን ከምዝኾነ የርእየና። ኢየሱስ እግዚኣብሄር እዩ ፤ ንደቂ ሰብ ኻብ ሓጥያቶም ንከንጽህ ሰብ ኮይኑ ።


## ውልደት ኢየሱስ

ኣዶ ኢየሱስ ማርያም፤ ኢየሱስ ክጥነስ እንተሎ ኣይተመርዐወትን ነይራ።ኢየሱስ ክሳዕ ዝውለድ ድንግል እያ ነይራ። እግዚኣብሄር ኢየሱስ ዝውለደሉ ኩነታት ኣማዓራረየ ። እዚ ተዓምራት ኢየሱስ ቅድሚ ምውላዱ ቅድሚ ነዊሕ ዓመት ኣብ ዝተፃሓፉ መጻሕፍቲ ተጻሒፉ ነይሩ እዩ። ኢየሱስ ኸም ጆጋኑ ወይ ድማ ኸም ፍሉይ ሰብ ኣይተወለደን። ካልእ ገዛ ስለዘይነበረ ኣብ መብልዕ ማል እዩ ተወሊዱ።


## ናይ ኢየሱስ ተኣምራታት

ኢየሱስ ብዙሕ ተኣምራት እዩ ገይሩ።ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ልዕሊ ኣርብዓ ዝኸውን ፈውሲ ተፃሒፉ ኣሎ። ኢየሱስ በዞም ተኣምራታት ሓይልን ፍቕሪን እግዚኣብሄር ገሊፁ፣ በዚ ድማ ንደቂ ሰባት ምርዳእን ሕጉሳት ምግባርን ኸምዝደሊ ኣርእዩና።





## ሞትን ትንሳኤን
## ኢየሱስ ፧



***ኢየሱስ ንምንታይ ሞይቱ?እቲ መብርሂ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ተቐሚጡ ኣሎ።***

ኹሉ ሰብ ሓደ ሓደሻዕ ልክዕ ዘይኾነ ነገር እግዚኣብሄር ዘይቕበሎ፤ ዘሕዝኖን ዘቖጥዖን ነገር ይገብር።እዚኦም ሓጥያት ይበሃሉ።እዚ ኹሉ ሓጥያት ደቂ ሰባት ፈተውቲ እግዚኣብሄር ከይኾኑ ይገብር።

ኢየሱስ ነዚ እዩ ዝመፀ። ኢየሱስ ብፈቓዱ ናይ ሓጥያትና ቕፅዓት ወሲዱ። እቲ ቅጻዓት ድማ ሞት እዩ ነይሩ። ኢየሱስ ስለዝሞተልና ምስ እግዚኣብሄር ተዓሪቕና ኢና፣ እንተኾነ ግና ስለዝገበርናዮ በደል ክንጠዓስ ይግበኣና።

ኢየሱስ ካብ ሞት ተንሲኡ እዩ።እግዚኣብሄር ካብ ሞት ኣልዒልዎ።በዚ ድማ እግዚኣብሄር ልዕሊ ሞት ሓያል ምዃኑ ኣርእየ።

ኢየሱስ ሕዚ ምስ እግዚኣብሄር እዩ ዝነብር። ህያው ስለዝኾነ ድማ ኩልሻዕ ፈታዊና ክኸውን ይኽእል እዩ። ንእግዚኣብሄር ነሐጉሰሉ ናብራ ኽንነብር ክሕግዘና ይደሊ።

## ..ፀሎት፤

*ብዝሰራሕኩምዎ ሓጥያት እንተ ተጣዒስኩም እሞ ፈተውቲ እግዚኣብሔር ምዃን*
*እንተደሊኩም፤ ከምዚ ዓይነት ጸሎት ጸልዩ!!*
*”ዝተፈተውኻ እግዚኣብሄር ፧ ፈቲኻኒ ኢኻ*
*ነቲ ሓደ ወዲኻ ሂብኻኒ*
*ስለ ዝሰራሕኽዎ ሓጥያት ኣብ መስቀል ሞይቱ*
*ስለ ዝሰራሕኹዎ ሓጥያት ተጣዒሰ እየ እሞ ይቕረ በለኒ*
*ኢየሱስ ኣብ ጥቓይ ስለ ዝኾነ የመስግነካ*
*ኹልሻዕ ናትኻ ክኸውን ይደሊ እየ*
*ኸም'ቲ ንስኻ ትደልዮ ዓይነት ናብራ ክነብር ሓግዘኒ።*
*ኹልሻዕ ምሳይ ኩን ።*
*ፀሎተይ ስለ ዝመለስካለይ የመሰግነካ*
*ዝበልካዮ ቃል ትገብር ኢኻ*

# ኢየሱስን ንሳኻትኩምን

ታሪኽ ኢየሱስ ኣይተወደአን።ኢየሱስ፣ ሎሚን ቅድም ኢሉን ንብዙሓት ሰባት ፈታዊ ኮይኑ እዩ። ዓለም ተቐይራ እያ። ብዙሓት ሰባት ብኣእዱግ፣ ብኣፍራስን ብበቅልን ኣይጉዓዙን እዮም። ብመኪናን ብነፋሪትን እዮም ዝጉዓዙ። ንኢየሱስ ግና ዋላ ሓንቲ ለውጢ የብሉን። ኢየሱስ ኣብ እስራኤል ይጉዓዝ ከምዝነበረሉ እዋን ሕዚ' ውን ቐረባና እዩ።
ዋላ እኳ ብዓይንና እንተዝይረአናዮ ንሱ ህያው እዩ።ሎሚ ዓርኪ ኽኾነካ እዩ ዝደሊ። ክትሰምዖን ክትፈትዎን ይግባኣካ እዩ።

ብዛዕባ ኢየሱስን ምስኡ ስለዘሎ ህይወትን ዝበለፀ ክትፈልጥ ትደሊ'ዶ? እንተደሊኻ እዚ ዝስዕብ ግበር።

1. **መፅሓፍ ቅዱስ ምንባብ ጀምር**
(ንኣብነት ሉቃስ ካብ ዝጽሓፎ ብምንባብ ጀምር )

2.**ምፅላይ ጀምር**
(ንእግዚኣብሄር ምዝራብን ምስማዕን ፍሉይ ቃላት ምጥቃም ኣየድልየካን )

3.**ብዛዕባ ኢየሱስን መፅሓፍ ቅዱስን ንኻልኦት ሰባት ንገር።** ኢየሱስ ተኸተልቱ ካብኡ ብዝተማሃሩ መጠን ብሕብረት ክኾኑን ኽበረታትዑን ይደሊ።




*ፅሑፍን ስእሊን ዊልያም ደ ቪንክ*
*ናይ ዋንነት መሰል @ 1993 ስቲቺንግ ኒዘርላንድ ወረልድታል ፣ሆተን*
*ዝተሐተመሉ ብኔዘርላነድ ከም "የሱስ መሲሀ" መድሕን"ዝተስተኻኸሎ ብትግረኛ C 2018, 2024*
*ንኹሎም ዓዲታት ኹሉ ናይ ምትርጓም፣ ምብዛሕን ምምሕያሽን መሰል ኣለዎም።*


*ኢሜል፦ jmpbk.app@gmail.com*

*እዚ ፈጠራ እዚ ብ ቢዋይ -ሳ እንትኽውን ናይ ሕትመት መሰሉ ውን ዝተሓለወ እዩ።*
*https://www.jesusmessiahcomicmedia.com/Ethiopia*

*ኢየሱስ መሲህ፣ እዚ ናይ ኢየሱስ ሓቅኖ ታሪኽ እዩ። ኻብ ቕድሚ 2000 ዓመት ኣብ እስራኤል ይነብር ነይሩ። ዝረኸብዎ ኩሎም ይድነቑ ነይሮም። ንሱ ዝገብሮ ዝገበረ፣ ንሱ ዝተዛረቦ ዝተዛረበ ዋላ ሓድ የለን። ኢየሱስ ኣብ ዘለዎ ተኣምራት ይግበር ነይሩ። ንሱ ንዝሰምዕዎ ሓጎስን ባህታንን ኣምፂእሎም።ሃንደበት ድማ መወዳእታኡ ኮይኑ። እንታይ ከምዝተፈጠረን ፤ ታሪኽ ኢየሱስ ኸመይ ከምዝቕፅልን ባዕልኻ አንብብ።*



*language: Tigrinya (Ethiopia)ትግርኛ*

*ISBN: 978-90-73150-61-4*